# ብርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፉ ሕማማት

## (Sexually transmissible infections)

ሕክምና ምግባር ፅቡቕ እዩ ግናስ ምክልኻል ዝበለፀ ይኸውን

July/ሓምለ 2003

Tigrigna



**ኩልና ክንፈልጦ ዘድልይ።**

ርክበ ስጋዊ ዝገብር ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ርክበ ስጋ ተመሓላላፊ ሕማማት (STIs) ክምኡ'ውን ከመይ ምክልኻል ከምዝኽኣል ምፍላጥ ኣገዳሲ ይኸውን። ብርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ኣባናን ረኽቢ ንገብረሉ ሰብ ዘምፅኦ ፀገም ከቢድ ክምዝኸውን እዩ።

ኣብዙሓት ሰባት ናይ ፍርሒት፣ ጓሕያን ሓፍረት ስሚዒት ከምዘሕድረሎም እዩ። ሰባት ናይ ሓፍረት ስሚዒት እንተሃልይዎም ሓገዝ ምርካብ ይኽእሉ እዮም። ሱ« ኢልካ ምፅናሕን ምጓሓይ ሕማ« ኣካይዳ ክኸውን እንከሎ ምንም እንኳዕ ናይቲ ሕማም ምልከት ተጠፋኣ ግናስ እቲ ሕማም ምሳኻ ክምዘሎ እዩ።

ብዛዕባ ርክበ ስጋ ተመሓላላፊ ሕማማት (STIs) ዝውሃብ መረዳእታ ሓካይም ኩልግዜ ብምሽጢር ይህዝዎ። ፍሉይ ክሊኒካት ብጣዕሚ ፅቡቕ ዝኾነ ምክንኻን ብናጻ የዳልዩ እዮም። ናይ ክሊኒካት ዝርዝር ዝብል ምርኣይ እዩ።

**ብርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ማለት እንታይ እዩ?**

STI ወይ STD ብግብረ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክኸውን ምስ ሕማም ዘለዎ ሰብ ብዘይ መከላኸሊ ናይ ርክበ ስጋዊ ክፍፀም እንከሎ ክመሓላለፍ ይኽእል። ብዘይምንም መከላኸሊ ናይ ርክበ ስጋዊ ክፍፀም ማለት ካብ ሰብነት ዝወፅእ ፈሳሲ [ደም፣ ዘርኢ ተባዕታይ ወይካዓ ካብ ኃልአንስትዮ ብልሕቲ ፈሳሲ] ናብ ካልእ ሰብ ክይምሓላለፍ ዝከላኸል [ንኣብነት ኮንዶም ወይ መገደቢ/dam] ክይተጠቀምካ ክትፍጽም እንከሎ እዩ። እዚ ፈሳሲ ክመሓላለፍ ዝኽእል ተባዕታይ ናይ ኮንዶም መከላኸሊ ክይሃለዎ ወይ በብተራ ኮንዶም ዘይብሉ ርክበ ስጋዊ ብባንቡላ ብኃልአነስታይ ሕርሚ፣ መሃንቱስ ወይ ብኣፍ ውሽጢ ክኣትው እንከሎ እዩ።

መብዛሕትኡ ብወሲባዊ ዝመሓላለፍ ሕማማት(STIs) ዝመጹ ኣናእሽቶ ብዝኾኑ ሕዋሳት ማለት ከም ቫይረስ፣ ባክቴሪያ ወይ ተፀጊዖም ዝነብሩ ነፍሳት ይኸውን። ሓድሓዲኡ ከምናይ ብልዕቲ ቁማልን ጡብ ኣድጊ ኣብ ቀርበት ክርክብ እንከሎ ሓደ ሰብ ናይ ቀርበት ንክኪ ኣብዝገብረሉ እዋን ከመሓላለፍ ይኽእል እዩ።

ብወሲባዊ ዝመሓላለፍ ሕማማት(STIs) ዝተፈላለየ ፀገማት ክፈጥር ከምዝኽእልን ካብ መጠነኛ ምስሓይ ክሳብ ኃያል ሕማም ቃንዛ ሳእቤን ይውን።

መብዛሕትኡ ብወሲባዊ ዝመሓላለፍ ሕማማት (STIs) ምልከት ክርእዩ እንከሎ ብቐጥታ ናብ ሓኪም ምኽሪ ምርካብ ኣድላይ እዩ። ይኹን እምበር ሓደሓዲኡ ሕማም ግልጺ ምልከት ስለዘይርእይ በቲ ተመሓላላፊ ሕማም ትጠራጠር እንተኾይንካ መርመራ ምግባር ኣገዳሲ እዩ።

- መብዛሕትኡ ብወሲባዊ ዝመሓላለፍ ሕማማት (STIs) ክድሕን ይኽእል
- ክድሕን ዘይኽእል ብወሲባዊ ዝመሓላለፍ ሕማማት (STIs) ኣብዚ እዋን ነቲ ሕማም ምቁፅፃር ክምዝኽኣል እዩ።

**ናይ ወሲባዊ ሕማም (STI) ካብመን ሒዙካ?**

ናይ ርክበ ስጋ ምስትፍፀመሉ ሰብ ሕማም ክምዘለዎ ክትፈልጥ ኣይትኽእልን። ሰባት ብምርኣይ ጥራይ ጡዑያት ይመስሉ ግናስ እቲ ሕማም ክነብሮም ይኽእል እዩ። ሓደ ሰብ ናይ ወሲባዊ ርክቢ ሕማም ክምዘለዎ ንምፍላጥ ኣይኽኣልን።

ምስ ርክበ ስጋ ዝመሓላለፍ ሕማም(STI) ዘለዎ ሰብ ብዘይ መከላኸሊ ወሲባዊ ርክቢ እንተተፈጺሙ በቲ ሕማም ክትትሓዝ ዘለካ እድል ኣብይ ይኸውን።

**ነቲ ሕማም ንምክልኻል እኽእል'ዶ?**

እወ- "ብጥንቃቀ ወሲባዊ ረክቢ" ብምፍጻም። ምስርክበ ስጋዊ ትፍጽመሉ ሰብ ተመሓላለፊ ሕማም ስምዘይብሉ እርግፀኛ እንተዘይኾይንካ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ርክበ ስጋዊ ንምፍፃም ደንቢ ምኽታል ማለት ደም፣ ዘርኢ ተባዕታይ ወይካዓ ካብ ኃልኣንስታይ ሕርሚ ፈሳሲ ናብ ሰብነትካ ክይኣትው ምክልኻል ይኸውን። ንኣብነት ዘየፍርሕ ናይ ወሲባዊ ረክቢ ስም ምስእኣም፣ ብሓባር ሴጋ ምግባርን ስምዒት ንምልኣል ምድርራዝ ይኻውን።

ንባዕልካን ንካልኦት ክምዝስቡ ኩነታት ምክልኻል፥

- ርክበ ስጋ ክትፍጽም ግቡዕ ዝኾነ ኮንዶምን ማለስለሲ ማይ ዘለዎ ምጥቃም
- ምስ ወሲባዊ ፈሳሲ ምንም ረኽቢ ክይተፈጠረ ብጥንቃቀ ርክበ ስጋ ምፍፃም
- ናይ ርክበ ስጋ ዘይምፍፃም።

ምስ ሓዳር ሰበይቲ/ሰብዓይ ብዘይምክልኻል ርክበ ስጋዊ ምፍፃም ድሓን ክኸውን ይኽእል፥

Department of Human Services

- ክልቴኹም ሙሉእ መርመራ ብምግባር ካብ ዝመሓላለፍ ሕማም ናጻ ንምዃንኩም እንተተረጋገጹን ምስካልእ ሰብ ወሲባዊ ረክቢ ዘይትፍጽሙ እንተኾይንኩምን
- ፅንሲ ንምክልኻል እንተደሊኹም ካልእ ዓይነት ናይ ፅንሲ መከላኸሊ ምውሳድ።

ርግጸኛ እንተዘይኾይንካ ምስ ምዝርራብን ‘ዘየፍርሕ ወሲባዊ ረክቢ’ ንምግባር ኣትሪርካ ምዝራብ። ምስካልእ ሰብ ወሲባዊ ረክቢ ንምፍፃም ክልቴኩም እንተተሰማሚእኹም ‘ጥንቃቀ ዘለዎ ርክበ ስጋዊ ምፍፃም’ ኣድላይ ይኸውን።

**ነቲ ኮንዶም ብኣግባብ እንዳተጠቐምኩ’ዲየ?**

ከተረጋግጾ ዝግባእ ነገራት፡

- ነቶም ኮንዶማት ኣብ ዝዘሓለን ዝነቐፀ ቦታ ናይ ፀሐይ ብርሃን ኣብዘይበጽሓሉ ቦታ ምቅማጥ
- እቲ ዝበላሸወሉ ዕለት ቅድሚ ምብጽሑ ጥራሕ ነቲ ኮንዶም ምጥቃም።
- ነቲ ባኮ ብጥንቃቀ ንምክፋት ፅቡቅ ብርሃን ኣብዘለዎ ምኳኑ እቲ ኮንዶም ኣይቅደድን። ናይ ኮንዶም ጫፍ ብምሓዝ ንዘወተሮ መሽኒ ተባዕታይ ብጥንቃቐ ምሽፋን እዩ።
- ብፍላይ ንመሃንቱስ ርክበ ስጋ እንተኾይኑ ብዙሕ ማይ ዘለዎ ማለስለሲ ምጥቃም። ብዘይማለስለሲ ርክበ ስጋዊ ምፍፃም እቲ ኮንዶም ክ«ደድ ይኽእል። ነቲ ኮንዶም ክዳኽሞ ስለዝኽእል ብዘይቲ ዝተሰርሓ ማለት መለግለግ ዚብል ፔትሮሊየም ወይካዓ ናይ ሕጻን ዘይቲ ከምማለስለሲ ዘይምጥቃም እዩ።
- ናይ ተባዕታይ መሽኒ ከይደቀሰ/ከይዝሃለ ካብ ጓልአነስታይ ሕርሚ ከወጽእ ከምዘለዎ ዘይምርሳእ ስለዙይ እቲ ኮንዶም ከወጽእ ኣይኽእልን እዩ። ከይፈስስ ነቲ ኮንዶም ኣብትሕቲ ምሓዝ እዩ።
- ካልኣይ ነቲ ኮንዶም ዘይምጥቃም። ተጠቒምካ ናብ ርስሓት መእከቢ ምግባር።
- ኣብ ኣውስትራሊያ ንመሸጣ ዝቐረበ ኮንዶም ጥራሕ ምጥቃም። ብቐሊሉ ክ«ደድ ዝኽእልን ፅሬት ዘለዎ ኮንዶም ዘይምጥቓም።

**ብርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም (STI) ከምዘለኒ ከመይ ክዛረብ እኽእል?**

ብርክበ ስጋ ዝመሓላለፍ ሕማም (STI) ከምዘለካ ዘርእይ ምንም ምልክት ከይሕልወካ ስለዝኽእል ኩልግዜ ምጥንቓ« ይግባዕ።

ክርኣዩ ዝኽእሉ ምልከታት፡

- ካብ ተባዕታይ መሺኒ ወይ ጓልአንስታይ ሕርሚ ዘይተለመረደ ፈሳሲ ክወጽእ እንክሎ
- ክትሸይን ወይ ርክበ ስጋዊ ክትፍጽም እንክሎ ሕማም/ቃንዛ ወይካዓ ዘቃጽል ስምዒት እንተሃልዩ።
- ንምሻን ምፅጋም
- መታመም፣ ማይ ዝመዓጐ፣ ቁስሊ፣ ጡብ ኣድጊ፣ ሕበጥ ወይካዓ ኣብ ብልዕቲ ወይ መሃንቱስ ከባቢ ዕንፍሩር ዝበለ ደርኣይ።
- ኣብ ብልዕቲ ውሽጢ ወይካዓ ኣብ መሃንቱስ ከባቢ ምብላዕን መስሓይን
- ድሕሪ ርክበ ስጋዊ ካብ ጓልአንሰታይ ሕርሚ ደም ምፍሳስ

**እቲ ሕማም እንተሃለዎኒ እንታይ ምግባር እኽእል?**

ብቐጥታ ናብ ሐኪምካ ምኻድ። እቲ ሕማም ብባዕሉ ይጠፍእ ኢልካ ሱቅ ምባል ኣይ ከግበር ዝግባዕ ሕክምናን መከላኸሊ ከደናጉዮ ይገብር። ምንም እንኳዕ እቲ ናይ ሕማም ምልክት ተጠፍኣ ካብቲ ሕማም ተፈዊስካ ማለት ኣይኾነን። ብርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም (STI) እንተሃልዩካ ናብ ካልእ ሰብ ምእንታን ከይትሓላለፍ ክሳብ ሕክምና ትገብር ናይ ርክበ ስጋ ዘይምፍጻም እዩ። ናይ ርክበ ስጋዊ ክትገብር እንተደሊኻ’ውን ኮንዶም ክትጥቐም ይግባዕ።

**ድሓን ምኳን**

ብአልኮሆል ወይ ብሓደገኛ እጽ ድፍዒት ኮንዶም ዘይምጥቃም ወይካዓ ንባዕልካ ደሕንነትካ ንምሕላው ዘለካ መሰልን እምነት ብምዝንጋእ ይኸውን።

ናይ ባዕልካ ደሕንነት ምሕላው ማለት መዓዝን ከመይ ኣይኸውንን ብምባል ኮንዶም ክትጥቐም ድፍኢት ክነብር እንክሎ እዩ።

**ብጣዕሚ ዝተለመዱ ናይ ርክበ ስጋዊ ሕማማት (STIs) ኣይኖም እዮም?**

- ክላምዲያ/Chlamydia
- ናይ ብልዕቲ ቀርበት ሕማም/Genital Herpes
- ናይ ብልዕቲ ጡብ ኣድጊ/Genital Warts
- ጆግል/Gonorrhoea
- ኢፍ ሸዋ/ወይቦ/Hepatitis B
- ኤቸአይቪ ወይካዓ ኤድስ/HIV and AIDS
- ብካባቢ ብልዕቲ ቑማል/Pubic Lice (or Crabs)
- ፍንጣጣ /Syphilis
- ሕማም ብልዕቲ /Trichomonas

**ምስእዚ ዝተዛመደ ሕማማት፡**

እዞም ሕክምና ዘድልዮም ናይ ብልዕቲ ሕማማት ዘጠቓልለ ይኸውን። ከምኡ’ውን እዞም ሕማማት ብርክበ ስጋዊ ዝተሓላለፍ ሕማማት (STIs) ከይኸውን ይኽእል ግናስ ናይቲ ፀገም መላኣሊ ብርክበ ስጋዊ ክኸውን ይኽእል።

- ናይ ጓልአነስታይ ብልዕቲ ብባክቴሪያ ክሓምም/Bacterial Vaginosis
- ወይቦ/Hepatitis C
- ሕማም ሽንቲ ቧንቧ/NSU
- ሕማም ፈንገስ /Thrush

**ሓገዝ ክድልይ እንክሎ/ ዝበለፀ ሓበሬታ ንምርካብ**

በብግዚኡ ንዝርእየካ ሓኪም ብግልጺ ምዝራብ። STIs ሕማማት ልሙድ ስለዝኾኑ መብዛሕትኡ ሓኪም ተመክሮ ልምዲ ክነብሮም ይኽእል እዩ። ከምካልኦት ሕማማት ሕክምና ንምግባር ክፍሊት ይግበር እዩ።

ንመደበኛ ሓኪምካ ክተዛርብ ሕጉስ እንተዘይኾንካ ብናጻ ናይ ስልኪ መረዳእታ መውሃቢ ግልጋሎት ምድዋል እዩ።

ኣብ ሜልበርን ርክበ ስጋዊ ማእከል
The Melbourne Sexual Centre
580 Swanston St. Carlton
ስልኪ: 9347 0244 [ንፀማማት/TTY ዘጠቓልለ ይኸውን]
ኣብ ሓገረሰብ ናይ ናጻ ስልኪ 1800 032 017

ዝውሃብ ግልጋሎት ብናጻን ብምስጢር ዝሕለው ይኸውን።
ሰራሕተኛታት እዋናዊ ዝኾነ መረዳእታ ምኽሪ ብምሃብ ንምርኣይ ቀፀሮ ብምድላው ወይካዓ ብከባቢኹም ኣብዘሎ ሓኪም ከትኸዱ ሓበሬታ ይህቡ እዮም።

ዝርዝር ኣገልግሎት ውሃብቲ በዚ ዝቅፅል ገጺ ተዳልዩ ኣሎ።

**ኣብሙሉእ መስተዳድር ኣገልጋሎት ንምርካብ፥**

**AIDSLINE**
ብስልኪ ብዛዕባ ኤችአይቪ/ኤድስ፣ ተመሓላላፊ ሕማምን ወሲባዊ ጥዕና ሓለዋ ዝምልከት ምኽሪ ንምርካብ፥
ብስልኪ፥ 9347 6099
ኣብ ሓገረሰብ ናይ ናጻ ስልኪ 1800 133 392
TTY 1800 032 665

**Hepatitis C Helpline**
**ንወይቦ ሕማም ሓገዝ መዳለዊ መስመር**
ብስልኪ ምህሪ ንምርካብ፣ መረዳእታን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ንምልኣኽ፥
ብስልኪ፥ 9349 1111
ኣብ ሓገረሰብ ናይ ናጻ ስልኪ 1800 800 241
ንቬትናም ቋንቋ ተዛረብቲ
1800 456 007
TTY 1800 032 665

**Victoria Aids Council/Gay Men's Health centre**
**ኣብ ቪክቶሪያ ናይ ኤድስ ምኽሪ መውሃቢ/ንወንዳገረድ ሓለዋ ጥዕና ማእከል**
6 Claremont St, South Yarra 3141
ብስልኪ፥ 9865 6700
ብናጻ ስልኪ 1800 134 840
TTY 9827 3733
www.vicaids.asn.au

**Access Information Centre at The Alfred**
**ኣብ አልፍረድ መረዳእታ መውሃቢ ማእከል**
Commercial Rd
Prahran 3181
ብስልኪ 9276 6993
Email:
access@alfred.org.au
www.accessinfo.org.au

**The Centre Clinics**
**C/-Northcote Community Health Centre**
**ናይ ክሊኒክ ማእከል/ኖርዝኮት ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና ማእከል**
42 Separation St
Northcote 3070
ብስልኪ፥ 9481 7155

**St Kilda**
46 Acland St,
St Kilda 3182
ብስልኪ፥ 9525 5866

**Family Planning Victoria**
**ኣብ ቪክቶሪያ ናይ ስድራ ምጣነ**
901 Whitehorse Road
Box Hill 3128
ክሊኒክን ትምህርትን
ብስልኪ፥ 9257 0100
Email: fpv@fpv.org.au

**Action Centre (Youth)**
**ንመንእሰያት እንቅስቃሰ ማእከል**
Level 1, 94 Elizabeth St
Melbourne 3000
ክሊኒክን ትምህርትን
ብስልኪ፥ 9654 5766 ወይካዓ
1800 013 952

**Hepatitis C Council of Victoriia**
**ኣብ ቪክቶሪያ ናይ ወይቦ ሕማም መማኸርቲ**
Suite 5, 200 Sydney Road
Brunswick 3056
ብስልኪ፥ 9380 4644
ኣብ ሓገረሰብ ብናጻ ንምድዋል
1800 703 003

**Rural STI Clinics: The Annexe Sexual Health Family Clinic Ballarat Community Health**
**ኣብ ሓገረሰብ ናይ ርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክሊኒካት፥ ናይ ስድራ ክሊኒክ ንባላራት ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና**
710 Stut Street
Ballarat 3350
ብስልኪ፥ 5333 1635

**STI Clinics: Bendigo Community Health Service**
**ናይ ርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክሊኒካት፥ ናይ ባላራት ማሕበረሰብ ሓለዋ ጥዕና አገልግሎት**
3 Seymouret Street
Eaglehawk 3556
ብስልኪ፥ 5434 4300

**STI Clinic: Barwon Health**
**ናይ ርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክሊኒክ፥ ናይ ባርዎን ሓለዋ ጥዕና አገልግሎት**
Geelong Hospital
Swanston Street
Geelong 3220
ብስልኪ፥ 5221 4735

**STI Clinic Vermont St Health Clinic**
**ናይ ርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክሊኒክ፥ ናይ የቨርሞንት መንገዲ ሓለዋ ጥዕና ክሊኒክ**
4 Benson Court Street
Wodonga 3690
ብስልኪ፥ 6056 1589

**STI Clinic: Latrobe Regional Hospital (Outpatient Dept)**
**ናይ ርክበ ስጋዊ ዝመሓላለፍ ሕማም ክሊኒክ፥ ናይ ላትሮብ ግዝኣት ሆስፒታል [ናይ ተመላላሲ ሕሙማን ክፍሊ]**
Cnr Princess Highway & Village Way
Traralgon 3844
ብስልኪ፥ 5173 8000